## 63 ተኣሲሮም ብምኽንያት ባጤራ ናቕፋን ሓዋላን። 01-19-2017

ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ መዓልታት 63 ሰባት ከምዝተኣስሩ ምንጭታት ስሙር ደሞክራሳዊ ግንባር ኣረጋጊጾም ኣለዉ። ሓዲሽ ዓመት ጥሪ/ 2017 ጌና ሰለስተ ሰሙን ከይመላአ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብብዝሒ ማእሰርቲ ዝርኣየላ ዘላ ወርሒ ኮይና ኣላ።

**ፍጻሜ ማእሰርቲ፥** ካብ ዕለት 14 - 18/ ጥሪ/ 2017 ኣብዘሎ መዓልታት ጥራይ ብጸጥታ ኤርትራ 63 ሰባት ተኣሲሮም ኣለዉ። ኣዞም እሱራት ካብ ፖሊስ ኤርትራ፡ ካብ ምክልኻል፡ ካብ ስለያ ግንባርን ነጋዶን ወዘተ ደቂ-ኣንስትዮ ዘጠቓልል ማእሰርቲ'ዩ።

<u>**ምኽንያት ማእሰርቲ፥**</u> ዝተቐየረ ባጤራ ናቕፋ ይኹን ናይ ወጻኢ ሸርፊ (ሓዋላ) ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ስለዝወረደ፡ ጸጥታ ኤርትራ ኣዋፊርቱ ንምእሳር ብዝገበሩዎ ምክትታል ከምዝተኣስሩ ይፍለጥ። ገለ ካብ እሱራት ድማ ካብ ሌተናንት ኮሎኔል ጀሚሩ በብደርጀኡ ዝወርድ ክሳብ ናይ ሰርገንትን መዓርግ ከምዝርከቡዎም ተፈሊጡ ኣሎ።

**ኣሃዱታት እሱራት፡** ካብ ፖሊስ ኤርትራ ናይ መጀርን ምክትል ተለንተን ዝርከቡዎም ሸውዓተ (7) ኣባላት ፖሊስ ተኣሲሮም። <u>ካብ ስለያ ምዕራባዊ እዚ፡</u> ሓደ ሌተናንት ኮሎኔል ዝርከቦም ሓሙሽተ (5) ኣባላት ከምዝተኣስሩ ተፈሊጡ ኣሎ። <u>ካብ ነጋዶ፥</u> ሰለስተ ተኣሲሮም ነይሮም። እንተኾነ ግና ናይ ሓደ ነጋዳይ እሱር ፍሉይ ድራማ ኣለዎ። <u>ካብ ምክልኻል፡</u> ናይ ክልተ ሰባት ዝተጻረየ መርትዖ ዘለዎም ነቕርቦም ኣለና።

### <u>ኣስማት እሱራትን መርትዖታቱን</u>

1. ምክትል ተለንተ ጨዓይ ሃይለ ካብ ፖሊስ ዞባ ማእከል።

2. ሰርገንቲ ሚኬል ሃብቶም፡ ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት 7ይ ዙርያ እዩ። መደቡ ድማ ኣብ ጋራጅ ምክልካል ነይሩ። ንሱ ምስተታትሕዘ ጸጥታን/ፖሊስን ገዝኡ ፈቲሾም ብዙሕ ንብረት ረኺቦም ከም መረጋገጺ ኤግሲቢት ሒዞሙዎ ዘለዉ ንብረት ድማ፥
   ሓደ ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚእትን ሽሕ ( **1,500, 000**) ናይ ቐደም ባጤራ ናቕፋ። ሚእትን ሰብዓን ሺሕ (**170, 000**) ሓዲሽ ባጤራ ናቕፋ። ሱሳ ሺሕ ( **60, 000**) ናይ ኣመሪካ ዶላር። ሰለስተ ሺሕ ( **3, 000**) ኤውሮ ናይ ኤውሮጳ ባጤራ። ምስ ሰርገንቲ ሚኪኤል ምትእስሳር ዘለዎም 2-ደቒ ኣንስትዮ ዝርከብኦ 6 ሰባት ኣሲሮም ጸጥታ ኤርትራ። ገለ ካብኦም ድማ፥

3. ሙሴ ለኣከ ዝበሃል፡ ኣብ ምክትታል ዶባት ስርሒት ዞባ ሓደ ነበር፡ ኣብ ትሕቲ ብሪጋዴር ተኽለ ክፍላይ (ማንጀስ) ፋይናንስ ኮይኑ ነዊሕ ግዜ ዝሰርሐ ምስ ተኽለ ማንጀስ ጥቡቕ ዝምድና ዝነበሮ እዩ። ፖሊስ ገዝኡ ፈቲሾም ዝረኸቡዎ ንብረት ከም መረጋገጺ ብኤግዚቢት ሒዞሙዎ ኣለዉ። ንሱ ድማ፥

   ሓንቲ ክላሽን። ሓንቲ ሽጉጥ ቲካሮቭ። ሓንቲ መራኸቢ ሳተላይት Satellite Telephone ዓቕኑ ብንጹር ዘይተፈልጠ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ባጤራ ይርከቡዎም። ሙሴ 4- ክፍልታት ዘለዎ መንበሪ ገዛ ኣለዎ ጥቓ ባሕቲ መስከረም። እዚ ገዛ'ዚ በቲ ዝወጸ ናይ ኣባይቲ ፖሊሲ ምውጋን ዝብልዎ ንሓደ ኮሎኔል ተዋሂቡ ነይሩ። እንተኾነ ግና እቲ ውሳኔ ብኸመይ ተቐይሩ ንሙሴ ከምዝተዋህበ ምኽንያቱ ብንጹር ዋላ ኣይገለጽ ሓደ ካብ ዘትሓማሚ ኣርእስቲ ነይሩ ኣብ 2005.

4. ሙሉ ሃብተማርያም። ምስ ሰርገንቲ ሚኬልን ሙሴን ብዝተኣሳሰር ጉዳይ ከምዝተኣስረት ይፍለጥ። ምኽንያቱ ንሳ ምስ ብሪ-ጀነራል ተኽለ (**ማንጀስ**) ጥቡቅ ናይ ስራሕ ርክብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ተኽለ ማንጀስ ዝወለደቶ ቆልዓ ወዲ ሸውዓተ (7) ዓመት ከምዘለዋ ይፍለጥ።

   ንሰረገንቲ ሚኪኤል፡ ሙሴን፡ ሙሉን ዘለዎም ርክባት ኣተኣሳሲርካ ክራአ ከሎ፡ እቲ ተታሒዙ ዘሎ ገንዘብ ዋላ'ኳ ብመርትዖ ተረጋጊጹ ንምዝራብ ዘድፍር እንተዘይኮነ፡ ብዘለዎም ጥቡቕ ዝምድና ናይ ጀነራል ተኽለ ማንጀስ ከይከውን ይግመት'ዩ።

5. ነጋዳይ ተስፋኣለም ሃብተማርያም ብዕለት 14/ ጥሪ/ 2017 ብጸጥታ ኣብ ሻድሻይ (6) መደበር ፖሊስ ተኣሲሩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ድሕሪ ክልተ (2)መዓልታት ካብ ማእሰርቲ 6ይ መደበር ብለይቲ ከምዝሃደመ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ንብዙሓት ኣገሪሙ ኣሎ። ምኽንያቱ ነጋዳይ ተስፋኣለም ምስ **ኮሎኔል የማነ ኣፈወርቂ** ሓላፊ ጸጥታ ዞባ ማእከል ኣዝዩ ጥቡቕ

ዝምድና ከምዝነበሮ ካብ ዓይኒ ብዙሓት ዘይተሰወረ ስለዝኾነ፡ ሚስጥራቶም ንኽይቃላዕ ብተዘዋዋሪ ኣገባብ ከምዘህደሙዎ ኣብ ከተማ ኣስመራ ናይ ጎደና ተራ ዕላል ኮይኑ እዛ ብርኩታ'ሲ እምኒ ኣላታ ከምዝበሃል ይመስል ነገሩ ዝብል ትንታኔ ኣሎ።

ሰርገንቲ ሚኪኤል፡ ሙሴ ለኣከ ኣብ ገዝኦም ዝጸንሔ ንብረት ብመርትዖ ተታሒዞም ኣለዉ። ጌና ሓበሬታ ዘይበጽሓና ናይ ካልኦት'ውን ተመሳሳሊ ጉዳይ ም኿ኑ ስለዝሕበር፡ ሚስጢራቶም ንኽይቃላዕ ከህድሙዎም ዲዮም ወይስ ከፍትሕዎም እዮም።

ኣብ ጥሪ/ 2017 ሰለስተ ሰሙን ዘይመልእ ግዜ ብብዝሒ ዜጋታት ዝተኣስሩላ ወርሒ እያ። ገለ ካብ ቀንዲ ምኽንያታት ድማ ቀዳማይ ሞባይል ቴለፎን እዩ። ካልኣይ ድማ ዝተቐየረ ባጤራ ናቕፋ ይኹን ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣብ ዕዳጋ ምዝርጋሕ'ዩ።

ካብ ጸጥታዊ ስግኣት ዝተበገሰ፡ ውልቃዊ ንብረት ዝኾነ መራኸቢ ተለፎን ሞባይላት ብትእዛዝ ኣኪቦም ተክኒካዊ ተፍትሽ ኣካይዶም። ብጸጥታዊ ኣገባቡ ሓቅነቱን መርትዖታቱን ንነኒ ገዲፍና፡ ነቶም ንሃገራዊ ድሕነት ስግኣት እዮም ዝበሉዎም ድማ ብኣልማም ከምዝኣሰሩ ኣቓሊሕናዮ ምንባርና ዝዝከር'ዩ።

ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሸርፊ (ሓዋላ) ይኹን ዘይሕጋዊ ንግዲ፡ ጉቦን ብልሽውናን ብትካላት ህግደፍን ገለ ጀነራላት ከምዝካየድ ንህዝብና ናይ ኣደባባይ ሚስጥር እዩ። ብፍላይ ብልሽውና ጀነራል ፊሊጶስ፡ ብሪ- ጀነራል ተኽለን፡ ሓጎስ ኪሻን ካልኦትን ዝምልከት ብዝርዝር መርትዖ ገይርና ኣቓሊሕና ነይርና።

ንሳቶም በቲ ሓደ ወገን ዘይሕጋዊ ንግድን ናይ ወጻኢ ሸርፍን ይኹን ኮንትሮባንዶ የዋፍሩ። በቲ ካልእ ድማ በዞም ዝተጠቐሱ ምኽንያት ይኣስሩ፡ ገሊኦም ድማ ንዝደለዩዎ ወይ መሻርኽቶም እሱራት የውጽኡ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ሞንጎ ፖሊስን ጸጥታን፡ ህግደፍን ምክልኻልን ስለዘሰሓሕብ፡ ኣብ ሞንጎ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝተፈጥረ ግርጭትን ቅልውላውን ከምዝዓበየ ዝተራእዩ ምልክትን መርትዖታትን ተገሊጾም ነይሮም።

ናይ ሕጂ ፍጻሜታትን፡ ማእሰርትን፡ መርትዕዖን'ከ እንታይ ክፈጥር'ዩ። ናይ ሓባር ረብሓ ስለዘለዎም ዕበጦ ዕበጦ ዲዩ ክኸውን ወይስ ብሰንኪ ሕሉፍ ዘይምቅዳው ገለ ግዳይ ዝኾኑ ክህልዉ እዮም ዝብሉ ሕቶታት ስለዘስዕቡ ድማ ምስ ግዜ ዝርአ እዩ።

ክፍሊ ዜናን ባህልን ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ።
Email: uedf2012@gmail.com Website: **www.erifront.com** 01-19-2017